

# መጠነ-ንኡስ ሓገዝ

## ኣብ ሓድሽ ዝተጀመረ ትካል ንዝግበሩ ነኣሽቱ ወፍርታት

REGION DALARNA

TIGRINJA

## መጠነ-ንኡስ ሓገዝ እንታይ እዩ?

ሚክሮ ማለት ንኡስ ማለት እዩ። ሚክሮስቶድ ማለት ድማ መጠነ ንኡስ ሓገዝ ማለት ኰይኑ፡ ንኣሽቱን ሓደሽቲ ትካላትን፡ ኣብ ትካሎም፡ ንኡስ ወፍሪ ክገብሩ ክደልዩ ከለዉ ዝሓትዎ ቁጠባዊ ደገፍ ማለት እዩ፡ (ለቓሕ ኣይኮነን)።

## መጠነ-ንኡስ ሓገዝ ክሓትት ዝኽእል መን'ዩ?

እቲ ሓገዝ፡ ንስኹም እቶም እንተበዝሐ ሓሙሽተ ዓመት ዝገበረ፡ ከምኡ ድማ እንተበዝሐ ሓሙሽተ ቁጹራት ዘለውዎ ትካል ዘለኩም፡ ንስኹም ኢኹም ክትሓቱ እትኽእሉ። ብፍርቂ ግዜ እትሰርሑሉ ትካል ክኸውን ይኽእል፡ እቲ ትካል ግን ብሕጊ ዕዳጋ ተቐይዱ ዝሰርሕ ክኸውን ኣለዎ፡ ንስኹም ድማ እንተወሓደ ሓምሳ
ሚእታዊት ሰዓታት ስራሕ ኣብኡ እትሰርሑ ክትኮኑ ይግባእ። እቲ ስራሕ ኣብ ቀጻሊ ኣርባሕን ጭቡጥ ኩነታት ስራሕ ዝፈጥርን ክኸውን ኣለዎ። መጠነ-ንኡስ ሓገዝ ኣብ መላእ እዚ ዞባ ክሕተት ይከኣል'ዩ፡ ሓደ ትካል ግን ሓደ ግዜ ጥራይ ክሓትት ይፍቀደሉ።

## ክንደይ ዝኣክል ሓገዝ እዩ ዝወሃብ?

መጠነ-ንኡስ ሓገዝ ኣብ ወፍሪ ካብ 20 000– 60 000 ክሮነር ይወሃብ። እቲ ሓገዝ ካብቲ ዝግበር ወፍሪ እንተበዝሐ ሓምሳ ሚእታዊት ክበጽሕ ይኽእል። ንመረዳእታ 60 000 ክሮነር ዝኣክል ወፍሪ እንተገሬርኩም፡ እንተበዝሐ ክሳዕ 30 000 ክሮነር ብሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ። ንመረዳእታ 20 000 ክሮነር እንተዋፈርኩም ድማ፡ ክሳዕ 10 000 ክሮነር ብሓገዝ ትረኽቡ ማለት እዩ።





## ሓገዝ ንምንታይ መዓላ ክትሓቱ ከም እትኽእሉ ዘርእዩ መረዳእታታት

- ለውጥን ምምሕያሽን ክፍሊ ወይ ህንጻ
- መሳርሒታት ማሽን
- ነቲ ስራሕ ብፍሉይ ዘድሊ ንብረት
- ኣገልግሎታት ምኽሪ
- ሓደ ፍርያት ንመጀምርያ ግዜ ኣብ ቦታ ምርኢትንምልላይ ዝግበር ወጻኢ
- ኣብ ምጅማር እቲ ትካል ዝወጻእ መካየዲ ስራሕ
- ፍቓድ ዋንነት
- ፍቓድ ዕዮ
- ምርምርን ምዕባለን

## ቅድም ሕተቱ!

ወፍሪ ቅድሚ ምግባርኩም ኣቐዲምኩም እቲ እትጠልብዎ ሕቶ ስደዱ ጠለብኩም ናባና ቅድሚ ምምጽኡ፡ ዝግዛእ ነገር ይኹን ኣገልግሎት ተቐባልነት ክህልዎ ኣይክእልን እዩ።



## ሓገዝ ክሕተተሎም ዘይክእሉ መረዳእታታት:

- ዕድጊ ተሸከርከርቲ፡ መሬት፡ ህንጻ፡ ትካል፡ ክሳራ ትካል ኣብ ዘጋጥመሉ

- ስራሓ እቲ ትካል ንምቕጻል ዝግበር ወፍሪ፡ ከም መረዳእታ ንዝኣረገት ማሽን ንምቕያር፡ ዕድጊ ሓዳሽ ማሺን

- ንባዕልኻ እትጥቀመሎም ንብረታት ከም እኒ ኮምፒተራትን ሞባይል ተለፎናትን

- ወጻኢታት ንቡር መካየዲ ትካል፡ ንመረዳእታ ክራይ፡ ኤለክትሪክ፡ ናይ ጽሬት፡ ደሞዝ (ኣባላት)

- ንስኹም እትሰርሕዎ (ደሞዝኩም)

- በበወርሒ ዝኸፈል (ንመረዳእታ ሓደ ማሽን ወይ ተሸከርካሪት ኣብ ክንዲ ሽዑ ንሽዑ ከፊልካ ትገዝኣ፡ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ብውሱን ዋጋ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ዝኸፈል ጌርካ ዝግዛእ )

- ብዕዳ ዝተገዝአ፡ ማለት ብለቓሕ ዝተገዝአ

## ውሳነ ንምቕባል፡ ክንደይ ዝኣክል ግዜ እዩ ዝወስድ?

ውሳነ ንምውሳድ ዘድሊ ኩሉ እንተቐሪቡ፡ ኣስታት 14 መዓልትታት ይወስድ። ስለዚ እምበኣር፡ ኩሉ እቲ ዘድሊ ብጥንቃቐ ኣተሓሒዝኩም ትሰዱ ምህላውኩም ኣረጋግጹ። ርግጸኛ እንተዘይኰንኩም፡ ደውሉ

## እቲ ገንዘብ መዓስ እዩ ዝኸፈል?

እቲ ትካል ነቲ ቅብሊት ከምዝኸፈሎን እቲ ክፍሊት ድማ ምስቲ እቲ ትካል ዝሓተቶ ሓደ ዓይነት ምስ ዝኸውን፡ እዚ ኣብ ዝተረጋገጸሉ፡ እቲ ገንዘብ ይኸፈል። እቲ ሓገዝ፡ ወፍሪ ብድሕሪ ምግባርኩም ስለዝኸፈል፡ እቲ ገንዘብ ከምዝተዋፈረን፡ ክሳዕ እቲ እትጽበዩሉ እዋን ድማ ርእስኹም ትኽእሉ ምንኩምን ከተረጋግጹ ይግባእ።

## ከመይ ጌረ'የ ክሓትት?

መሕተቲ ጠለብ ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባብ ጥራይ እዩ ዝፍቀድ፡ ኣብዚ www.minansokan.se

## ምስቲ መሕተቲ ሓገዝ ተተሓሒዙ ከልኣኽ ዘለዎ

ምስክር ወረቐት፡ ምዝገባ ትካል registreringsbevis

ውጥን ውጽኢት ባጀት(resultatbudget) ከምኡ'ውን ህሉው ባጀት (likviditetsbudget).

እቲ ትካል ብኸመይ ኣርባሒ ከምዝኸውንን ከምኡውን ከመይ ጌሩ ወጻኢታቱ ክሽፍን ይኽእል ኢልኩም ከምእትሓስቡን ከተርእዩ ኣለኩም።

እቲ ትካል ትሕቲ 2 ዓመት ዝገበረ እንተኾይኑ፡ ውጥን መደብ (affärsplan) ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብቲ ውጥን መደብ፡ እቲ ዝሸየጥ ፍርያት ይኹን ኣገልግሎት እንታይ ምዃኑን፡ ኣበይ፡ ብኸመይን ብኽንደይን ከምእትሸጥዎን ክጸሓፍ ኣለዎ።

እቲ ትካል ልዕሊ 2 ዓመት ዝገበረ እንተኾይኑ፡ ናይ ክልተ ዓመት፡ ዓመታዊ ጸብጻብ (årsredovisningarna) ክትሰዱ ኣለኩም።

ፍሉይ ፍቓድ ዘድልዮ ዓይነት ስራሕ ተካይዱ እንተኾንኩም፡ ንሱ'ውን ተተሓሒዙ ከልኣኽ ኣለዎ።



## ሓገዝ ዶ የድልየኩም ኣሎ

ሓደ ትካል ብኸመይ ከምዝካየድ፡ ምኽሪ ብዛዕባ እቲ ዘዳለኹሞ ውጥን ትካል፡ ወይ'ውን ከመይ ጌርካ ሓገዝ ትካል ከምዝሕተት ተወሳኺ ክእለት ንምጥራይ ዶ ሓገዝ የድልየኩም እዩ? ሓገዝ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፡ ኣብ Verksamt.se ኣቲኹም ዝያዳ ሓበሬታን ከምኡ'ውን ኣብታ ዘለኹማ ምምሕዳር ምስ ዘሎ ኣማኻሪ ምስኡ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ቀሊል ውጥን ትካል ብቋንቋ ሽወደን፡ ዓረብን እንግሊዝን ኣብ ኣልሚ ስኮነ ኣብ ዝስዕብ መላግቦ ክትረኽቡ ትኽእሉ:
www.almi.se/Skane/Dokument/Enkel-affarsplan-pa-arabiska-och-engelska



# ብዛዕባ እቲ ክትሓትዎ እትደልዩ ዶ ሓገዝ ትደልዩ ኢኹም?

ወይ ብዛዕባ መጠነ-ንኡስ ሓገዝ ወይ'ውን ገለ ካልኦት ሓገዛት (ካልኦት ሓገዛት ትካል) ዝምልከት ሕቶታት እንተለኩም፥ ክትረኽቡና ትኽእሉ :


| ሓገዝ ትካል | ኢ-መይል | ቴለፎን |
|---|---|---|
| Lars-Erik Liss (ላሽ ኤሪክ ሊስ) | larserik.liss@ltdalarna.se | 023-77 70 19 |
| Annika Eriksson (ኣኒካ ኤሪክሶን) | annika.eriksson@ltdalarna.se | 023-77 70 49 |
| Johan Domeij (ዩሃን ዶመዪ) | johan.domeij@ltdalarna.se | 023-77 70 21 |


REGION DALARNA